
መንግስተኣብ
ገብረክርስቶስ

# የሱስ መን እዩ?

ዮሃ 1: 1-18

የሱስ ክርስቶስ መን እዩ ዚብል ሕቶ፡ ሓድሽ ወይ ቅድሚ ሕጂ ዘይተሓተተ ሕቶ ኣይኰነን። ከም ኵሉ ግቡእ ሕቶታት ከኣ ግቡእ መልሲ የድልዮ። ሓፈሻዊ ሕቶ ከም ምዃኑ መጠን ከኣ፡ ብሓፈሻዊ መልሲ ኽድምደም ምተኻእለ። እንተ ኾነ ግና፡ “የሱስ መን እዩ?” ዚብል ሕቶ ተራ ሕቶ ስለ ዘይኰነ፡ ብሓፈሻዊ መልሲ እተዕግበ ዓይነት ሕቶ ኣይኰነን።

ብተወሳኺ፡ እቲ ዕጋበት ነቲ ሓታቲ ደኣ እምበር ነቲ ሕቶ ኣይኰነን እሞ፡ እቲ ሕቶን መልስን ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ዚምልከት፡ ውልቃዊ ወይ ድማ ግላዊ፡ እዩ። የሱስ ንኣይ፡ ንኣኻ፡ ንኣኺ መን እዩ?

## 1. መንነት የሱስ

እዚ “የሱስ መን እዩ?” ዚብል፡ ኣብዚ፡ መሪሕ ሕቶ ደኣ እምበር ኣርእስቲ ትምህርቲ ከም ዘይኰነ ኣቐዲምና ንገንዘብ። እሞ፡ እቲ መሰረት ዕላምኡ ድማ ንመንነት ናይ የሱስ ብዚምልከት፡ ቅኑዕ ምርዳእ ንምሕባር እዩ። እዚ ቅኑዕ ምርዳእን መልስን ናይ እዚ ሕቶ እዚ ድማ ብግዲኡ፡ ንነፍስ ወከፍና ኣድላይነት ናይ ድሕነት ንናይ ዘለኣለማዊ ህይወት ዚብድህ ሓቂ እዩ።

ኣብ ላዕሊ ከም ዝጠቐስናዮ፡ እምበኣር፡ እዚ ሕቶ እዚ ሓድሽ ኣይኰነን፡ የሱስ እኳ ባዕሉ ነቶም ደቀ-መዛሙርቱ ዝሰንደወሎም ሕቶ እዩ (ማቴ 16:13-20 ሉቃ 9:18-22)።

እቶም ደቀ መዛሙርቲ የሱስ፡ ብሰሪ ድኻም እምነቶም፡ ኣብ ብርቱዕ፡ ወሳኒ ዝኾነ ኵነታት ዝኣተወኡሉ እዋን ነይሩ። እዚ ኹነታት እዚ ኸኣ ብዙሕ ምፍልላይን ምንድልሃጽን ኣኸቲሉሎም። ጸብጻብ ናይ እዚ ኣብቲ ኣርባዕቲኡ ወንጌላት ናይ ሓድሽ ኪዳን፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ወንጌል ዮሃንስ ካብ ምዕራፍ 13-17 ተጠርኒፉ ይርከብ።

መልሲ ናይ ሃዋርያ ጴጥሮስ፡ እቲ “ንስኻ ክርስቶስ ወዲ ህያው ኣምላኽ ኢኻ” (ማቴ 16:16) ብምባሉ ዝተገልጸ መልእኽቲ ድማ ንኹሎም ሓባሪ ዝኾነ ሓቂ ምንባሩ ብሩህ እዩ።

ከምቲ የሱስ ዚበሎ፡ መንፈስ ቅዱስ ወሪዱ፡ ሓይሊ ምስ ተቐበሉ ኸኣ መንነት የሱስ ተረዲኦም ብሓቂ ኣረጋገጹ። በዚ እምነቶምን እንታይነት ተልእኾኦምን ኣርጊጾም ፈለጡ። እሞ፡ ደሓርሲ፡ እታ ህይወቶም እኳ ክሳዕ ንመስዋእትነት ከይተረፈ፡ ምእንቲ የሱስ ቅሩባት ደኣ ኾኑ። ክሳዕ ሞት ዝተዳለዉ፡ እሙናት ወተሃደራት ንምዃን ድማ መስቀል የሱስ ዚጸሩ ድልዋት ኰኑ።

እዞም ደቂ መዛሙርቲ የሱስ፡ ወንጌል ኣብ ኵሉ በጺሖ፡ ሰባት ድሕነት ንኺረኽቡ ድማ፡ ኣንጻር ድያብሎስን ውዲቱን፡ ኵሉ ሓጢኣትን፡ ከምኡ’ውን ዓለምን ሰራዊታን፡ መሪር ውግእ እናተዋግኡ ከም ዝሓለፉ፡ ምስክር ህይወቶም ብጽሑፍ ተጻብጺቡ ይርከብ።

እምበኣር መንነት የሱስ፡ ሓደ ሰብ ኣዕሚቑ ፈሊጡን፡ ብምሉእ ልቡ ድማ ኣሚኑ፡ ድሕነት ንናብ ዘለኣለማዊ ህይወት ዚረኽበሉ ምኽኑ፡ ተወሳኺ ሓበሬታን ትምህርትን ዜድልዮ ኣይኰነን። እዚ ኸኣ ንሒደት ወይ ፍሉጣት ሰባት ዘይኰነ ንዅሉ እዩ። "… ሌላን ጉሌላን የልቦን" (ሮሜ 3፡ 22)።

## 2. የሱስ መን ምኽኑ …

… ብናይ ብዙሓት ህይወትን ቃልን ተመስኪሩሉ ዝተረጋገጸን እዩ።

ንመንነት የሱስ ንምፍላጥ፡ ፈሊጥካ ድማ ንምእማን ዚምልከት መሰራታዊ ዝኾነ ሓቀኛ ትምህርቲ ኣሎ። እዚ ትምህርቲ እዚ፡ ካብ እቶም ብዓይኖም ርእዮም፡ በኣእዛኖም ድማ ሰሚዖም፡ ኣረጋጊጾም ድማ ኣሚኖም ዝተቐበልዎ፡ ብህይወቶም ዘርኣይዎ፡ ብቓሎም ድማ ዝመስከርዎ ሓቀኛ ታሪኽ እዩ። ከም ምኽኑ መጠን ከኣ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ቅርብ ኢሉ ኺምልከቶን ኺምርምሮን ረብሓ ናይ ገዛእ ርእሱ እዩ።

የሱስ መን እዩ ንዚብል ሕቶ ብዚምልከት፡ ዮሃንስ መጥመቕ፡ "… ሓጢኣት ዓለም ዜርሕቕ ገንሸል ኣምላኽ፡" ኢሉ (ዮሃ 1፡29)፡ ንብዙሓት ንንስሓን ጥምቀትን ናብ የሱስ ሓቢሩ።

> "ሓደ እኳ ንኣምላኽ ዝረኣዮ የልቦን፡ እቲ ኣብ ሕቑፊ ኣቦኡ ዘሎ ሓደ ወዲ፡ ንሱ ኣግሂዱ" (ዮሃ 1፡18)።

እቶም ሰለስተ ወንጌላውያን እውን፡ ብዘይካ እቲ ፍሉይ መልእኽቲ ናይ ዮሃንስ፡ ተመሳሳሊ ዝኾነ፡ ብዛዕባ መንነቱን ብስራቱን ብሓፈሻ ይገልጹ። ኣብ ልዕሊ እዚ፡ እቲ የሱስ ዚመሃሮ ትምህርትን ዚፈጸሞ ተኣምራትን፡ እቲ ወዲ ኣምላኽ፡ መድሓኒ-ዓለም ምኽኑ ድማ ብብዙሕ መገድታት ብምምስካር ሓቢሮም።

2.1. ወንጌላዊ ማቴዎስ። እቲ ሌዊ ዝተባህለ ወንጌላውን ወደ-መዝሙርን እዩ። ንሱ ብስራት ወንጌል ናይ የሱስ፡ "ወዲ ሰብ" እናበለ ካብ ምድራዊ ወለዶ፡ ማለት ካብ ልደት ናይ የሱስ እቲ ሕጻን፡ ጀሚሩ ብዛዕባ መንነቱ ኣስፊሑ ይዛረብ። ቀጺሉ፡ ከምቲ ትንቢት፡ "… እንሆ፡ ድንግል ክትጠንስ፡ ወዲ ኸኣ ክትወልድ እያ፡…" (ኢሳ 7፡14) ዚበሎ፡ እቲ መለኮታዊ ዝባህርያቱ፡ ስጋ ሰብ ለቢሱ ከም እተገልጸ፡ ኣብ መንጎ ሰባት ድማ ከም ዝሓደረ ይዝቲ።

ቀጺሉ፡ ብናይ የሱስ ትምህርትን ግብሪ ተኣምራታትን ቅዱስ ህይወትን ሞትን ትንሳኤን ዕርገትን፡ ጥራይ ዘይኰነስ ዳግማይ ከም ዚመጽእን ኣምላኽነቱን'ውን (መለኮታዊነቱ) ኣረጋጊጹ። በዚ ነፍሲ ወከፍ ብእኡ ኺኣምን እሞ፡ ድሕነት ንኺረክብ ከኣ ንመንነት የሱስ ብንጹር ተዛሪቡሉ። ብምኽንያት እዚ ኹሉ ዚበሎ ቃል ሓቅን፡ ዚመስከሮ ብስራትን ከም ዚሰመሮ ኸኣ እቲ ታሪኹን ዚኸፈሎ ዓቢ መስዋእቲ ህይወቱን እኹል ምስክር እዩ። ምኽንያቱ፡ ማቴዎስ ኣብ መወዳእትኡ ስለ ወንጌል ተሰዊኡ እዩ ሞይቱ።

2.2. ወንጌላዊ ማርቆስ። ትውልዱን ሃገሩን ኣፍሪቃዊ፡ 1ይ ጳጳስ ናይ ኣለክሳንድርያ ከም ዝነበረ ይንገር። ብስራት ወንጌል ናይ ማርቆስ፡ ከኣ ኣብቲ ዝነበሮን ከባቢኡን ከመይ ዓቢ ግደ ከም ዝነበሮን ዓቢ ጽልዋ ድማ ከም ዘሕደረን ይፍለጥ። ንምሳሌ፡ ንትምህርቲ ስነ-መለኮት ብዚምልከት፡

ብፍላይ እኳ ደኣ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ-ክርስትያን ከም መለክዒ ናይ እምነተ-ሃይማት እትጥቀመሉ ናይ ማርቆስ ጥራይ ምኳኑ ይሕበር።

ማርቆስ "ወዲ ኣምላኽ" ኢሉ ነቲ ብስራት ወንጌል ናይ የሱስ ይጅምር። ብዛዕባ ምድራዊ ልደት እቲ ሕጻን ከይጠቐሰ ኸኣ ብቐጥታ ናብቲ የሱስ ዚመሃሮን ዚገበሮ ተኣምራትን ኣተኲሩ ብዛዕባ መለኮታዊነቱ ይምህር።

ማርቆስ ዮሃንስ፡ እቲ ምስ ጳውሎስን፡ ጴጥሮስን፡ በርናባስን፡ እናዞረ ዜገልግልን፡ ዚመሃርን ዝነበረ መንእሰይ እዩ። ኣብታ ኣብ የሩሳለም እትርከብ ዝነበረት ቤተ-ጸሎት፡ ቤት ማርያም ኣዲኡ፡ ዝዓበየ፡ ብዙሕ ድማ ዝረኣየን ዝተሞከረን ወንጌላዊ እዩ ኸኣ ነይሩ።

ንወንጌል ማርቆስ ብዚምልከት በዓል እኒ ኣይረንስን ክለመንት ብዓል እለክሳንድርያን፡ ማርቆስ ኣብ ሮሜ ኰይኑ ካብ ትሕቲ ኣብራኽ እቶም ዓበይቲ ወንጌላውያን ተቐቢሉ ዝጸሓፎ ወንጌል ሕድሪ ምኳኑ ይኣምኑ።

ማርቆስ፡ ጸብጻባት ናይ እቲ "ወዲ ኣምላኽ" ዚብሎ፡ ደቂ ሰባት ድሕነት ምእንቲ ኺረኽቡ፡ ዚመሃሮ ትምህርትታትን ዚገበሮ ተኣምራታትን ዚሓለፎን ዜሕለፎን ስቓይን ስቅያታትን፡ ዝወረዶ ሞትን፡ ከምኡ'ውን ተኣምራት ትንሳኤኡን ዘርዚሩ ብጽሑፍ ኣሰፊርዎ። ብመንነት ናይ የሱስ ክርስቶስ ዲግ ዝበለ እምነት ብምሕዳር ድማ፡ ነቲ በቲ እዋን እቲ ንኣመንቲ ዜጋጥሞም ዝነበረ፡ ካብ ንጉስ ኔሮ ዝነቐለ፡ መሪር ስቅያትን ስደትን ብትብዓት ንኺብድህዎ ይምህር።

እምበኣር፡ ምስናይ እዚ ኹሉ፡ ማርቆስ፡ እቲ ወንጌሉ፡ ኣመንቲ ኣብ ወዲ ኣምላኽ ዘለዎም እምነት ብምጽናዕ ንቕድሚት ኺደፍኡ ዜበራትዕ ብስራት እውን ከም ዝኾነ ተወሳኺ መግለጺ ኣየድልዮን እዩ።

ኣብ መወዳእትኡ፡ ልክዕ ከም ማቴዎስ፡ ማርቆስ'ውን ኣብ እምነት መንነት የሱስ ብምጽናዕ፡ ነቲ ብስራቱ ብመሰዋእቲ ደሙ ከም ዝሓተሞ ታሪኽ ዚምስክር ክዉን ሓቂ ኾይኑ።

<u>2.3. ወንጌላዊ ሉቃስ</u>። ቅድሚ ወንጌላዊ ምኳኑ ሓኪም ዝነበረ ጸሓፊ ናይ ወንጌል ሉቃስን መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያትን እዩ። ንሱ ታሪኽ ብስራት ምውላድ ናይ የሱስ፡ ካብቶም በዒንቶም ርእዮም ዚመስከሩ፡ በእዛኖም ሰሚዖም ድማ ዝነገሩ፡ ብፍሉይን ዘደንቕን ኣገባብ ኣስፊሑ ዝጸሓፈ እዩ።

መጽሓፍ ወንጌሉ ከም መቕድም ናይ እቲ ቐንዲ ታሪኽ ገይሩ፡ ንመንነት የሱስ ከም ዚምልከት ቀዳማይ ክፋል ካብ ልደቱ ጀሚሩ ክሳዕ ዕርገቱ፡ ከምኡ'ውን እቲ ኹሉ ዚመሃሮን ዚገበሮን ብዘገርም ኣገባብ ተር ኣቢሉ ይዝርዝሮ።

ካልኣይ ክፋል ጽሑፉ፡ መጽሓፍ ግብሪ ሓዋርያት፡ ድማ፡ ድሕሪ ዕርገት የሱስ ብምኽንያት ኣገልግሎት መንፈስ ቅዱስ ዝተፈጸመ ስራሕ ወንጌልን፡ ታሪኽ ቤተ ክርስታያንን ክርስትያናትን የሱስ ክርስቶስን ኣስፊሑ ተሪኹዎ ይርከብ።

ብተወሳኺ፡ ወንጌላዊ ሉቃስ፡ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ብመንነት የሱስ ኣሚኑ ድሕነት ምእንቲ ኪቕበል እሞ፡ ንዘለኣለም ድማ ምስ የሱስ ምእንቲ ኺነብር እቲ የሱስ ኪምህሮን ኪፍጽሞን ዝመጸ ግብሪ

ኣምላኽን ዓቢ ስራሕ ድሕነትን ኵሉ ንብስራት መዘገብዎ ይርከብ።

ሉቃስ፡ ከምቲ ኣብቲ መእተዊ ጽሑፉ ንቴዎፍሎስ ኢልዎ ዘሎ፡ ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ድማ ንወዲ ኣምላኽ "ኣጸቢቑ ምእንቲ ኺፈልጦ" ነቲ ብስራት በብተራኡ ጽሒፍዎ ይርከብ (ሉቃ 1፡4)።

## 3. ምስክር እግዚኣብሄር ኣቦን ማርያም ኣደ የሱስን።

ቃል ምስክር ናይ እግዚኣብሄር ኣቦ ብዛዕባ መንነት ናይ የሱስ፡ ኣብቶም ብተመሳሳልነት ዝጸሓፉ ወንጌላውያን ተጻሒፉ ከም እንረኽቦ፡ መንፈስ ኣምላኽ ከም ርግቢ ወሪዱ፡ ኣብ ርእሲ የሱስ ኪቕመጥ ዮሃንስ መጥምቕ ከም ዝርኣየን፡ ድምጺ ድማ ከም ዚሰምዐን የመልከት። እንሆ ድማ፡ …"ብእኡ ዝሰመርኩ ፍትዊ ወደይ እዚ እዩ፡ ዚብል ድምጺ ኻብ ሰማይ መጸ።" (ማቴ 3፡16-17 ማር 1፡9-11 ሉቃ 3፡21-22)።

የሱስ ንማርያም መንነቱ ንምግላጽ ዚኣክል፡ ቃሉ ሰሚዓ ነቶም ኣገልገልቲ (ኣሰለፍቲ)፡ "ንሱ ዝብለኩም ኩሉ ግበሩ" ከም ዝበለቶም እቲ ጽሑፍ ይብል (ዮሃ 2፡4)።

እምበኣርሲ መንነት የሱስ ምፍላጥ፡ ነቲ ቃሉ ምስማዕን ምእማንን ከምኡ ድማ ፍጹም ምእዛዝን ምዃኑ፡ እዚ ድማ ካብ ኵሉ ሰብ ዚጽበዮ ምዃኑን መብርሂ ዘየድልዮ፡ ንጹር ሓበሬታ እዩ።

ከምዚ ኽንክተሎ ዝጸናሕና፡ ንመንነት የሱስ ዚምልከት ብዙሕ ምስክራት ካብ ብዙሓት ንምርእይ ዚኣክል ምቕጻልና። ይኹን እምበር፡ ቅድም እቲ ክንርእዮ ዝጸናሕና ኣኻሊ እዩ፡ ደሓር ከኣ ኵነታት ጊዜን ቦታን እውን ኣይክፈቅድን እዩ።

ብዝኾነ፡ ነቲ ኣተኵሮና ጥጡሕ መስመር ብምትሓዝ፡ ንመንነት የሱስ ክርስቶስ ብዚምልከት፡ ኣብቲ ብፍሉይ ኣገባብ ተጠርኒፉ እንረኽቦ ጸብጻብ ናይ እቲ የሱስ ፍቁር ዚብሎ፡ ወዲ መዝሙርን ወንጌላውን ዮሃንስ ኣስተብሂልና ዘተና ኽንድምድም ኢና። እዚ ኣብታ እትመጽእ ሕታም ኪኸውን እዩ።

**ነዚ ትምህርታዊ ጽሑፍ ብዚምልከት ዝኾነ ይኹን ሕቶ ወይ ርእይቶ ምስ ዚህልወኩም፡ ብጽሑፍ ወይ ብኢመይል ክትልእኩ ትኽእሉ።**
Editor@Besserat.org

### ክቡራት እሕዋት

ንኣገልግሎት ብስራት ሕብረት ወንጌላውያን ብእትገብሩዎ ዘይሕለል ጸሎት፡ ሓልዮትኩም፡ ከምኡ'ውን ስለ እትውፍይዎ ንዋታዊ ይኹን ቁጠባዊ ደገፋት ኵሉ ልባዊ ምስግና ነቕርብ።

እምበኣር፡ ብዙሓት ከም ዝሓበርኩምና፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ወይ ዓመታት ዝገበርኩሞ መብጽዓ/ታት እንሆ በዚ ነዘኻኽረኩም።

ብተውሳኺ፡ ብዝሒ ናይ ዝኾነ ይኹን ዓመት ወይ ዓመታት እተመባጻዕሙዎ ምዝኽኻር ምስ ዘድልየኩም፡ ብዝኾነ መገዲ ክትውከሱና ትኽእሉ። እትሰድዎ ዘበለ ኹሉ ብስም Besserat Evangelical Society፡ በዚ ዚስዕብ ኣድራሻ፡ ይኹን።

Besserat Evangelical Society
142 King Avenue
Columbus, OH 43201